# ድሕነት

<u>ንሰላም፡ ንደሞክራሲ፡ንፍትሒ፡ ንማዕርነት፡ ንምዕባለ፡</u>

**ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**
**ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት**
**ወርሒ ሓምለ - ነሃሰ 2010፡ 5ይ ዓመት ቁ . 4**

- **ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!**
- **ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!**

# መግለጺ

## ህጹጽ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ

### ብዛዕባ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፣

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዕለት 23 ነሓሰ 2010 ህጹጽ ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ውድባዊ መዳይን ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታትን ዝተኸሰቱ ብርክት ዝበሉ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ስቅያትን፡ ቀጻሊ ዋሕዚ ስደትን ርእዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቶም ዓቕምታቶም ዘፍቅደሎም፡ ወይ ቤት ሰቦም ዝቕበልዎም፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ከተማታት ኢትዮጵያ ክነብሩ ንዘውጸኦ ዝተማሓየሸ ፖሊሲ ሞጒሱ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 9 ነሓሰ 2010 ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ብምዕዋቱ፡ ኣብ እተፈላለዩ ሃገራዊ ጉዳያት ብዘመዝገቦም ኣወንታዊ ውጽኢታትን ልዑል ሓጎሱ ገሊጹ። ብክንድ'ዚ ሰፊሕ ሱታፌ፡ ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታትን፡ ሃይማኖታውን ሃገራዊ ባእታታትን፡ ኣጀንዳታቱ ከም ሃገራዊ ሓድነት፣ ኣሊያት (ኣገባብ) ለውጥን፡ መሰጋገሪ መድረኽን ዝምልከቱ ኣገደስቲ ጉዳያትን፡ ንድፊ ሃገራዊ ቻርተርን፡ ሃገራዊ ዘተ ንምስታፍ ካብ እተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ምእካብ ሓድሽ ተሞኩሮ'ዩ።

ፈጻሚ ኣካል፡ ናብ ስሙር ራእዪ ንምብጻሕን፡ እተፈላለዩ ፍርሒታት ንምልጋስን፡ መንፈስ ግልጽነት ኣብ ዝሰፈነ ሃዋህው፡ ሃገራዊ ዋዕላ ዓውዲ ሃገራዊ ዘተን ዕቱብ ሓላፍነታውን ምንባሩ ኣረጋጊጹ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት መታን ቀጻልነቱ ንምውሓስ፡ ሃይማኖታውን ብሄራውን ፍልልያት ክፍልታት ህዝብና መዝሚዙ ዝኽተሎ ከፋፊልካ ግዛእ ፖሊሲ፡ መጻኢ ዕድል ህዝብና ካብ ዝኾነ ዝሓለፈ ግዜ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዝያዳ ንሓደጋ ይቃላዕ ስለ ዘሎ፡ ዋዕለኛታት ኣብ ኩሎም ጉዳያት፡ ኣውራ ድማ ኣብ ንሃገራዊ ሓድነት ዝህድዱ ዘሎዉ ረዘንቲ ብድሆታት ብፍቱሕ ኣእምሮን ልቦናን ተመያይጦም።

ህዝብና ስሙር ህዝቢ ኮይኑ ንክነብር፡ ሃገራዊ ሓድነት እምነ-ሰረት ከም ምዃኑ መጠን፡ ፈጻሚ ኣካል ዝኾነ ንዕኡ ዝህድድ ሓደጋታት ብትሪ ምምካት ኣድላይ ምዃኑ የረጋግጽ። ስለዝኾነ ድማ ሃገራዊ መሳርዕ ምጥርናፍን፡ ኣብ ሓቀኛ ሃገራዊ ሽርክነት ዝተሞርከሰ ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ዘውሕስ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ምምዕባልን። ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ምኽባር። ነፍስ ወከፍ ናይ ካልእ ፍሉይነታት ምኽባር። ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ብሄራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ክፍልታት ህዝብና ተረድኦታት ክብረታት ፍትሕን፡ ማዕርነትን፡ ባህሊ ዘተን፡ ሓቢርካ ብሰላም ምንባርን፡ ንምስራጽ ምዕያይ። እዚ ከኣ፡ ብኩሎም ኣገባባት ቃልሲ፡ ኣብ ዑና ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ሕርያታትን መሰላትን ሓርነታትን ህዝብና ዘውሕስ ደሞክራስያዊ ለውጥን፡ ቅዋማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካልን ከየረጋገጽካ ዝመጽእ ኣይኮነን።

ሓደ ካብ'ቲ ትኽረት ዝሰሓበ ዓወታት ሃገራዊ ዋዕላ፡ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ገዳይም ሓርበኛታትን ስደተኛታትን ምንባሩን፡ እዞም ክፍልታት'ዚኦቶም ኣብ ምርግጋጽ ስርዓት ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝህልዎም ግደ ኣገዳሲ ምዃኑን፡ እዚ ንገዛእ ርእሱ ኣብዚ እዋን'ዚ ዓይነታዊ መወሰኽታ ምዃኑን፡ ፈጻሚ ኣካል ኣረጋጊጹ።

እዚ ዓቢ ክብደት ዘሎዎ ዕዮ ሃገራዊ ዋዕላ ሽሕ'ኳ ዓወት እንተ'ረጋገጸ፡ ካብ ኮነ ኢልካ ዘይተሃቀኑ ክእረሙ ዝኽእሉ ጌጋታትን ሓላፍ ዘላፍን ዝደሓነ ኣይነበረን። ገለ ካብኡ ኣብ ሞንጎ ብቛንቛ ዓረብኛን ቛንቛ ትግርኛን ዝተዘርግሑ ኣዋጃት ኣብ ገለ ጉዳያት ተመሳሳልነት ዘይምንባሮምን፡ ኣብ ውሳኔታት ድማ “... መሰል ርእሰ ውሳኔ ብሄራት ኣብ ትሕቲ ልዑላዊት ሃገረ ኤርትራ ምርግጋጽ። ከምኡ'ውን እቲ መሰል ኣብ መጻኢት ኤርትራ ብደረጃ ቅዋም ክረአ ከም ዘሎዎ ዋዕላ ወሲኑ” ዝብል፡ ዋዕላ ዝወሰኖ ኣይኮነን። ዋዕላ ዝወሰኖ'ምበኣር፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወለንታዊ ድልየትን ርድየትን ዝተመስረተ፡ ንብዙሕነት ባህላውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ክውንነት ህዝብና ዝኽብርን፡ መሰል ኩሉ ኣከዋውና ሕብረተሰብና ዝሕሉን ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነዚ መሰረት ብምግባር ዋዕላ ንምክብባርን ምድልዳልን ብዙሕነት ሕብረተሰብና ክሰርሕ ወሲኑ” ዝብል'ዩ። ብወገና ዋዕላ ኣብ ዝተመያየጠሎም ጉዳያት ዝተወስዱ ውሳኔታት ብርግጽ ክርከብ ዝኽእል ኣብ ማህደራት ሰክረታርያ ዋዕላ ተመሊስካ ብምምርማር፡ ንዞም ጌጋታትን ካልኦትን ንምፍዋስን ምእራምን ዝከኣል ይመስለና። ከምዚ ዝበሉ ሕጽረታትን፡ ብብዙሓት ወገናት ዝተጠቕሰ ጌጋታትን ጉድለታትን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንዓወት ዋዕላ ዘፍኩስ ዘይኮነስ፡ ምስ ከምዚ ዝበለ ዓበይቲ ፍጻሜታትን ኩነታትን ክኸሰት ዝኽእል ጌጋታት'ዩ።

*ፈጻሚ ኣካል በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንኩሎም ዋዕላ ኣብ ምክያድን ምዕዋትን ኣበርክቶኦም ንዝገበሩ ሸነኻት ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ። ብፍላይ ድማ ኣሰናዳኢት ሽማግለን፡ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝብናን፡ መሰረታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ብዘካየድዎ ዘይሕለል ቃልሲ እምብዛ ኣሞጉሶ። ከምኡ'ውን ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ነዚ ዋዕላ'ዚ ንምዕዋት ብዘበርከቱዎ ምትእንጋድን መሳለጥያታትን ልዑል ምስጋና የቕርብ።*

*ፈጻሚ ኣካል፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ሓላፍነት ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታቱ ስለ ኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፡ ምውዳቕ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍ፡ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ንምስካም ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዘቕነዐ ቃልሲ ብዑትብነት ክሳተፍ ጸዊዑ።*

*ኣብ መደምደምታ፡ ፈጻሚ ኣካል፡ ሃገራዊ ኮሚሽን ኤርትራ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ንምክያድ ክበቅዕን፡ ዝተነበረሉ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ዕላማ ከረጋግጽን፡ ካብ ዝኾነ ዝሓለፈ ግዜ ሎሚ ብዝያዳ ንዋታውን ንያታውን ደገፍ ህዝብና ከም ዘድልዮ የረጋግጽ።*

*ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብና!!*
*ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!!*

*ፈጻሚ ኣካል*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
23 ነሓሰ 2010

# ኣዋጅ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡

*ንሕና ሓይልታት ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ንቃለስ ዘሎና ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 9 ነሓሰ 2010 ኣብ ርእሰ ከተማ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከነቃንዕ ተጋቢእና ቀኒና።*
*ህዝቢ ኤርትራ ካብ መዋእል ኣትሒዙ ኣብ ዓበይትን ንኣሽቱን ሃገራውን ከባብያውን ክሳብ ዝተሓተ ማሕበራውን ህዝባውን ሕቶታቱ፡ ብመገዲ ዘተን ዋዕላን መጻኢ ጉዳይ ሃገሩን ክሰማማዕን ክውስንን ጸኒሑ ኢዩ። እዚ ሕጂ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 9 ነሓሰ 2010 ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መቐጸልታ ናቱ ኢዩ።*

## ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ህልው ኩነታት ህዝብን ሃገርን፡-

*ሎሚ፡ ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ትሕቲ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ተረጊጹ፡ ኩሉ ዓይነት ጭቆናን ጸቕጥን ማለት ብሄራዊ፡ ሃይማኖታውን ባህላውን፡ ብዘስካሕክሕ ኣገባብ መዘና ብዘይብሉ ኩሉ መዳያዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቱ ተገፊፉን ተጣሒሱን ይርከብ። ሃገርና ኣብ ደረጃ ፍጹም ምንቁልቛል ምብትታንን፡ ከም ሳዕቤን ናይ ምብታን ሓደጋ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕብረተሰብና ዘንጸላልወሉ፡ ዜጋታትና ኣብ ማእሰርትን ማሕዩርን ቅትለትን ዝሳቐይሉ፡ ኣማኢት መዓስከራት ተኸፊቱ ህዝብና ብኣልማማ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣብ ዘለውሉ፡ መራሕቲ ሃይማኖታት ከይተረፉ ግዳያት ዝኾንሉ ህሞት ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። ብሰንኪ እዚ ዘሎ ኩነታት ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ግዳያት ናይቲ ስርዓት ኮይኖም ኣለዉ።*
*ኣብ ኣህጉራውን ዓለም ለኻውን ደረጃ እዛ ሃገር እዚኣ ሓንቲ ካብተን ኲናት ኣብ ዘይብሉ ግዜ ዝለዓለ ቁጽሪ ስደተኛታት እተፈልፍል ምዃና ተረጋጊጹ ኣሎ። ብፍላይ መንእሰያት ብብዝሒ ንስደት ኣብ ዘምርሑሉን፡ ኣብ ፈቐዶ ሰሃራን ባሕርን ዝጠፍኡሉን፡ እቲ ስርዓት ዘካይዶ ዘሎ ግዱድ ሰፈራታት ዘስዓቦ ደሞግራፍያዊ ምልውዋጥን፡ ዝፈጥሮ ዘሎ ህዝባዊ ምምዝባላትን ኣብ ዘለወሉ እዋን ኢዩ እዚ ዋዕላ ተጋቢኡ። ልዕሊ 330 ዝተሳተፍሉ ዋዕላ ብኸምዚ ዝስዕብ ኔሩ። 10 ውድባት ኪዳን፡ ካብ ኪዳን ወጻኢ ዘለዋ ፖለቲካውን ብሄራውን ውድባት፡ ወከልቲ ሲቪክ ማሕበራት ካብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣውሮጳ፡ ኣሜሪካ፡ ካናዳ፡ ኣወስትራልያ፡ ኒውዝላንድን ዝመጹን መራሕቲ ሃይማኖት፡ ወከልቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ወከልቲ መንእሰያት፡ ወከልቲ ስደተኛታት፡ ወከልቲ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ወከልቲ ናይ ኤርትራውያን ዜና ማዕከናት፡ ምሁራትን ነጻ ዜጋታትን፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰልን ተረኺቦም።*
*ብወድዓዊ ኩነታት ክንዕዘቦ እንከለና፡ እዚ ዋዕላ'ዚ ሃገርናን ህዝብናን ብሰፍ ዘይብል ኩሉ መዳያዊ ጭቆና እናተሳቐየ በቲ ሓደ ወገን፡ ጠገለ ዘይብሉ ናይ ህግደፍ ግዳማውን ውሽጣውን ተጻባኢ ፖሊሲታቱ ዘኸተሎ ጎነጽ*

ምስ ጎረባብትን ማሕበረሰብ ዓለምን በቲ ሓደ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ማእከል ሽበራ ብምዃን፡ ኣብ ፍጹም ከበባ ተነጺሉ ተሳጢሑ ኣብ ዘለወሉ እዋንዩ ተኻይዱ።
ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀንዲ ዕላምኡ ሃገርናን ህዝብናን ካብዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ኩነታት ፍጹም ንምንጋፍ ብኡ ኣቢሉ'ውን ኩሎም ኤርትራውያን ብሓባር ተሸባቢሮም ዝነብሩላ ሃገር ምእንቲ ክውንኑ ዘኽእሎም ምዕቃብ ሃገራዊ ሓድነትን ምፍጣር ሕድሕዳዊ ምትእምማንን ኢዩ።
ነቶም ጠንቂ እዮም ዝበሃሉን፡ በብግዜኡ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ፍልልያት ክዓሙቕ ዝፍተን ዘሎ ቅርሕንትን ጽልእን፡ ለልዮም ብክፉት ልብን መንፈስን ብምዝታይ ዝተኻየደ ሓድነት ናይ ምርግጋጽ ስጉምቲ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኤርትራውያን ንሕድሕዳዊ ወጽዓታቶም ተቐቢሎም ዝፈጠርዎ ምትእምማንን ዝበጽሕዎ ምርድዳእን፡ መለለዪ ናይዚ ሃገራዊ ዋዕላ ኢዩ ነይሩ።
ንሃገራዊ ሓድነቶም ከም ቀንዲ ጠንቅታት ዝኾኑ ሕቶ ብሄር፡ ሃይማኖትን ቋንቋን ብኽፉት ልብን ናይ ምትሕልላይ መንፈስን ብትብዓት ዘተዮም ኣብ ሓባራዊ ውሳኔ በጺሖም።
ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ እኩይ ሜላ፡ ብደረጃታት ግዜ ዝፈላለ በብእብረ ኣብ ልዕሊ ብሄራትናን ሃይማኖታትናን ቋንቋታትናን ክሳብ ምጽናት ዝኸደ ገበናት ከምዝተፈጸመን ይፍጸም ምህላዉን ተሳተፍቲ ዋዕላ ብዘይተጉላባነት ብሓባራዊ ተረድኦ ብምርድዳእን ብምቕባልን ሕድሕዳዊ ምትእምማን ህዝቢ ሃኒጾም። ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ዋዕላ ነቲ ናብዚ ዋዕላ ንምስታፍ ኣብ ጉዕዞ እንከሎ ብሓደጋ ንዝተሰወአ ገዲም ተጋዳላይ ተስፋሁነይ መስፍን ብምዝካር ንስድራቤቱ ናይ ጽንዓት ይሃብኩም መልእኽቲ ኣሕሊፎም።
ኣብዚ ብዓቢ ሃገራዊ መንፈስ ዝተኻየደ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝዘተየሎም ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያት ሓባራዊ ዘተታት ካብቶም ዝቐረቡ ሰነዳት ማለት፦

- ህልዊ ፖለቲካዊ ገምጋም ኤርትራ፡
- ሃገራዊ ሓድነት፡
- ኣገባብ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡
- ሃገራዊ ሰነድ፡
- መድረኽ መሰጋገሪ እዋን፡

ብክኢላታት ንውጽኢት ዘተን ካብ ተሳተፍቲ ንዝተዋህቡ ርእይቶን ሓሳባትን ለበዋታትን ብግቡእ ድሕሪ ምጽፋፍ እዚ ዝስዕብ ውሳኔታትን ለበዋን መጸዋዕታን ብስም ዋዕላ ብምስንዳእ ብከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

## ውሳኔታትን ለበዋታትን
## ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምድሓን ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም 330 ኣባላት ንኩሉ ክውንነት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዝውክሉ ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 09 ነሓሰ 2010 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጋቢኡ። ብድሕሪ መኽፈቲ ዋዕላ ተሳተፍቲ ኣብ 5ተ ዓውደ መጽናዕትታት ብምክፍፋል፡ ኣብቶም ዝቐረቡ ሓሙሽተ ሰነዳት ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት፡ መሳርሒ ደሞክራስያዊ ለውጢ፡ መሰጋገሪ መድረኽ፡ ሃገራዊ ቻርተርን ሓባሪ መንገድን ብሓላፍነታዊ መንፈስ ክትዓት ድሕሪ ምክያዶም ነዞም ዝስዕቡ ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ።

<u>ውሳኔታት</u>

1. ተሳትፎ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብናን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ዘረጋግጽ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክግባእን ካብኡ ሃገራዊ ባይቶ ክምዘዝን ዋዕላ ወሲኑ። ነዚ ዕማም'ዚ ንምስልሳል ከኣ 53 ዝኣባላታ 6ተ ደቂ ኣንስትዮ ዘካተተ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብምምዛዝ፡ ህዝባዊ ምልዕዓልን ምውዳብን ከካይድ፡ ንድሕሪ ዉድቀት ስርዓት ህግደፍ ዘሎ ግዜ ንኣወንታዊ ተመክሮታት ንድፊ ቅዋማት ኤርትራን ካብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበረ-ሰባትን ዝመጸ ንድፍታት ምርኩስ ብምግባር፡ ብፖሎቲካዊ ራእይ ዝተሰነየ ሓባሪ መስመር /Road Map/ ዕማም መሰጋገሪ መድረኽ ክትነድፍ ዋዕላ ወሲኑ።

2. ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወለንታዊ ድሌትን ርድየትን ዝተመስረተ፡ ንብዙሕነት ባህላውን ሃይማኖታውን ብሄራውን ክውንነት ህዝብና ዘኽብርን መሰል ኩሉ ኣከዋውና ሕብረተ-ሰብና ዝሕሉን ምዃኑ ብድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነዚ መሰረት ብምግባር ዋዕላ ንምክብባርን ንምድልዳልን ብዙሕነት ሕ-ሰብና ክሰርሕ ወሲኑ።

3. ብብረታዊ ተጋድሎ ዝሰረጸ ሓድነትን ልዕላዉነትን ህዝብና ብጉጉይ ፖሊስታት ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ብሄራት ወጽዓታት ብምብጽሑ ኣብዚ እዋን'ዚ ሃገራዊ ሓድነትና ንሓደጋ ይወድቕ ምህላዉ፡ ስለዚ ሕቶ ብሄራት ካብ ሃገራዊ ሓድነትና ዘይፍለ ደሞክራሰያዊ መሰል ብምዃኑ መሰልን ማዕርነትን ብሄራት ምርግጋጽ። ከምኡ'ውን መሰል ርእሰ ውሳኔ ብሄራት ኣብ ትሕቲ ሓዳስ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ብደረጃ ቅዋም ክውሓስ ዋዕላ ወሲኑ።

4. ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ብ1991 ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ጀሚሩ ንኩሎም ሃይማኖታትን እምነታትን ህዝብና ብዝተፋላለየ ደረጃታት ወጽዓታት ምብጽሑ ብድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኣብ ኤርትራ መሰልን ነጻነትን ኩሎም ሃይማኖታትን እምነታትን ክኽበር ዋዕላ ወሲኑ።
5. ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ማዕረ ኮይነን ሃገራውያን ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ምዃነን ዋዕላ ኣረጋጊጹ።

6. መሬት ዋንነት ህዝቢ ምዃኑ ብድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኩሉ ብዘይፍትሓዉን ርትዓዉን ኣገባብ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተመንዘዐ መሬትን ውልቃዊ ሃብቲ ጨውን ብፍትሓውን ርትዓውን መንገዲ ናብ ዋናታቱ ክምለስ፡ ከምኡ'ውን መሰል ገፊፍቲ ዓሳ ክኽበርን ዋዕላ ወሲኑ።

7. ኣብ ሓዳስ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ቅዋማዊ ዘይምእኩል ምሕደራ ክትከል ዋዕላ ወሲኑ።

8. እተን ፍርቂ ሕ/ሰብና ዝውክላ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኩሉ ተፈጥራዊ ተጽዕኖታት መኪተን ነጻን ደሞክራስያዊት ኤርትራ ጋህዲ ንምግባር ኣብ ብረታዊ ተጋድሎ ዘርኣይኦ ጅግንነታዊ ቅያታት ብስርዓት ህግደፍ ተጠሊሙ ዝበጽሖን ዘሎ ወጽዓታትን ጭቆናን ብምኹናን፡ መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ክረጋገጽ ዋዕላ ወሲኑ።

9. መንእሰያት ብመወዳእታ ዘይብሉ ወተሃደራዊ ዕስክርና እንባ-ገነናዊ ስርዓት ህግደፍ መጻኢ ዕድሎም ጸልሚቱ፡ ሃገሮም ራሕሪሖም ናብ ስደት ይውሕዙ ብምህላዎም ኤርትራ ናብ ሓደጋ ተምርሕ ምህላዋ ብምርግጋጽ፡ ዋዕላ መሰል መንእሰያት ክሕሎ ወሲኑ።

## ለበዋታት፡

1. ኣብ ሃገርና ብሓድሽ መንፈስ መስርሕ ቃልሲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ኣብ ዝሕተተሉ ዘሎ እዋን፡ ሃገርና ካብቲ ኣንጸላሊዋ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓንን ሓድነታ ንምርግጋጽን ኩሎም ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሰፊሕ ግንባር ክጥርነፉን ኩሉ ዓቕምታቶም ከዋድዱን ዋዕላ ተላብዩ።

2. ኩሎም ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ፖሎቲካዊ ውድባት፡ በርጌሳዊ ማሕበራት፡ ካልኣዊ ፍልልያቶም ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ክፈትሑ፡ ከምኡ'ውን ተመሳሳሊ ራእይን ፕሮግራምን ዘለዎም ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ንምርግጋጽ ሓድነቶም ክረጋግጹ ዋዕላ ተላብዩ።

3. ዲፕሎማስያውን ምምሕዳራውን ስርሓትና ንምምዕባል ኩሉ ዓቕምታትን ፍልጠትን ኤርትራውያን ክጥቀም ዋዕላ ተላብዩ።

4. ስድራ ቤት ስውኣትን ገዳይም ተጋደልትን ኣካለ-ስንኩላን ዞናትን ዘድልዮም ኣገልግሎትን ምክንኻንን ክግበረሎም ሃገራዊ ግዴታ ምዃኑ ዋዕላ ተላብዩ።

5. ህዝብና ሃገራዊ ሓድነቱን ተኽባቢርካ ብሓባር ምንባርን ክዕቅብ፡ ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ኣብ ጎኒ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ክስለፍ ዋዕላ ጸዊዑ።

6. ዓቕምታት ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዛዝ ካብ ህዝብና ደገፍ ንምርካብ ምጣኔ ሃብታዊ ኮሚቴ ክትምስረት ተላብዩ።

### መጸዋዕታ፡

1. ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣካል እቲ ውጹዕ ህዝብና ብምዃኑ፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ግዝኣተ-ሕግን ንምርግጋጽ ኣብ ጎኒ ህዝቡን ምስ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ደው ክብል ዋዕላ ጸዊዑ።
2. መላእ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን መሓዙት ሃገራትን ህዝብና ካብ መንጋጋ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምድሓን ልሉይ ተርኣም ክጻወቱ፡ ኣብ ጉኒ'ቲ ስርዓት ደው ዝበሉ ሃገራት ደገፋቶም ከቋርጹን ንፍትሓዊ ቃልስና ክድግፉን ዋዕላ ጸዊዑ።
3. ዋዕላ ንጉዳይ ስደተኛታት ልዑል ትኹረት ብምሃብ ኣብ ኩሉ ዝተሰደድሉ ኩርናዓት ዓለም ናይ ስደተኛን ዑቕባን መሰላቶም ክሕለወሎም ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ጸዊዑ።
4. ቀያዲ ኣህጉራዊ ውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኣህዛብ ክልቲኡ ሃገራት ሰላምን ርግኣትን ብዘውሕስ ኣገባብ ዘላቒ መፍትሒ ክረክብ ዘይተሓለለ ጻዕርታት ምክያድ። ኩሉ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝተፈጥረ ዶባዊ ግርጭታት ንሰላምን ርግኣትን ኣህዛብ ዞባና ንምርግጋጽ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍታሕ ዋዕላ ጸዊዑ።
5. ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ ጸሕታሪ ኩናት ባህሪያቱን ግብረ-ሽበራዊ ስራሓቱን ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዝተበየነሉ እገዳ ብትሪ ኣብ ተግባር ክዉዕል ዋዕላ ጸዊዑ።
6. እቶም ንጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ቁጠባዊ ደገፍ ዝገብሩ ዘለዉ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታትና ደገፎም ንምጭፍጫፍ ህዝብና ይውዕል ምህላው ብምግንዛብ፡ ደገፎም ደው ከብሉን ኣብ ጎኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቦም ደው ክብሉን ዋዕላ ጸዊዑ።
7. ፖሎቲካዊ ስርሓት ምውህሃድ ንምምዕባልን ምስማርን ወተሃደራዊ ዕማም ሓጋዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ግንዛቤ ክኣቱ ዋዕላ ጸዊዑ።

ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

09-ነሓሰ 2010 ኣዲስ ኣበባ

## ደምዳሚ መግለጺ

### መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ብምስታፍ ሓላፍነታዊ ዘተ ኣካይዱ። ከምኡ'ውን ወለዶ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምስታፍ ኣብ ኣገዳሲ ሃገራዊ ጉዳያት ድሕሪ ምዝታይ እምነ ኩርናዕ ሕድሕድ ምትእምማን ኣቐሚጡ። ንቅዱስ ዕላማ ንምርግጋጽ ማለት ልዕልነት ሕግን ፍትሕን ደሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ዝነገሳ ሃገር ንምምስራት ተላዒሎም።

ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምዕዋትን ግብራዊ ንምግባርን ድማ ሃገራዊ ዋዕላ 53 ኣባላት ኮሚሽን ካብ መንጎ ተሳተፍቲ መዚዙ። ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ መስራቲ ኣኼባታቱ ካብ 10-15 ነሓሰ 2010 ኣሰላሲሉ።

ኣብ መባእታዊ ኣኼባ ኮሚሽን ንሕድሕድ ዝምድናታትን ስርሓትን ዝውድብን ዝቆጻጸርን ንድፊ ውሽጣዊ ሕጊ ዘዳሉ ሽማግለ መረጸ። ኮሚሽን ድሕሪ ዓሚቕ ምይይጥ ንውሽጣዊ ሕጊ ኣጽደቐ። ኣብ ነጻን ደሞክራስያዊ ሃዋሁን ዝሰፈኖ ድማ ኮሚሽን መሪሕነቱ መረጸ። ብመሰረት እቲ ውሽጣዊ ሕጊ ከኣ ሸውዓተ ኣባላት መሪሕነትን ሓደ ተቖጻጻርን መዘዘ።

ንሳቶም ድማ፡-

| | |
|---|---|
| 1. ኣምሃ ዶመኒኮ | ኣቦ-መንበር |
| 2. ዓብደልራሕማን ጣሃ ኣልኑር | ምክትል ኣ/መንበር |
| 3. ዓብደልቃድር ሓምድ | ጸሓፊ |
| 4. ዓሊ መሓመድ ስዒድ | ኣቦ-መንበር ሽማግለ ፖለቲካዊ ጉዳያት |

5. መሓመድ ሳልሕ ኣቡበከር — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ስርዒታዊ ጉዳያት

6. ዳንኤል ተወልደ — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ዜና

7. ያሲን መሓመድ ዓብደላ — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ፋይናንስን ምምሕዳራውን ጉዳያት

8. ክብሮም ብርሃነ ደብሩ — ጠቕላላ ተቖጻጻሪ

እቶም ዝተረፉ ኣባላት ኮሚሽን ከኣ ዝተፈላለየ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ኣብ ግምት ብምእታው ናብ ኣርባዕቲኡ ሽማግለታት ተኸፋፊሎም። ነፍሲ ወከፍ ሽማግለ ድማ ንቀዳማይ ምዕራፍ ዝርዝር መደባት ኣርባዕተ ወርሒ ንምስራዕ ተበገሰ። እቲ ናይ ምይይጥ ሃዋሁ መንፈስ ብድሆን ክብደት ሓላፍነትን ኤርትራውያን ኣብ ጉዳያት ሃገሮም ናብ ስምምዕ ኣይበጽሑን'ዮም ዝብል ዝነበረ ስግኣት ብምስጋር፡ እዚ ድማ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ንምፍጻም ውሳኔታት ሃገራዊ ዋዕላ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንምስልሳል ዘለዎ ኣድላይነት ዝዓለመ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ኮሚሽን ንኣመንቲ ምስልምና ኣብ ኤርትራ ብምኽንያት ጾም ሮሞዳን ዮሃና ይብል።

ዓወት ንሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ!!

ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ!!

ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ

17 ነሓሰ 2010

# ዜናዊ ሪፖርታጅ፡

## ተጋዳላይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ
## ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዕዉት ዕዮ ዑደት ኣካይዱ፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2009 ድሕሪ ዘካየዶ ቀዳማይ ጉባኤኡ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኤሮጳ ጽዑቕ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ከካይድ ጸኒሑ'ዩ። ከም ቀጥታዊ መቐጸልትኡ ድማ ተጋዳላይ ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዕዉት ዝኾነ ጽዑቕ ዲፕሎማስያውን ህዝባውን ርክባት ኣካይዱ።

### ርክብ ምስ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ሎንዶን፡

ብዕለት 1 ሓምለ 2010 ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ምስ ኣባላት ግሃድኤ ጨንፈር ሎንዶን፡ ብ/ጸጋዝኣብ ዮሃንስ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤን ኣባላት ጨንፈራዊት ሽማግለን ዝተረኽብዎ ሰፊሕ ኣኼባ ኣካይዱ። ዶር. ዩሱፍ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን መዳያት ብዛዕባ ዝኸሰቱ ዘለዉ ሓደስቲ ተረኽቦታት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ'ውን ኣባላት ጨንፈር ሎንዶን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ድሮ ቀዳማይ ጉባኤን ብድሕሪኡን ንዝተጻወትዎን ዘበርከትዎን ሓላፍነታዊ ግደታት ንኢዱ። ከምኡ'ውን ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዝርከቡ ኣባላት ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ብሪጣንያን ንምቅላዕ ዘካየድዎ ልዑል ቓልስታት ኣሞጒሱ። ኣብ መደምደምታ ተሳተፍቲ ንዝቐረብዎ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልስታት ሂቡን፡ ርእይቶታቶም ሰሚዑን፡ ለበዋታቶም ተቐቢሉን። ናይ ኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ሓባራዊ ቓልሲ ንምዕዛዝ፡ ኣባላትን ተደናገጽትን ውድብና፡ ምስ ኩሎም ኣባላት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ፖለቲካውን ሲቪካውን ሃገራዊ ሓይልታት ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ብሓባር ንክቃለሱ መምርሒ ሂቡ።

### ርክብ ምስ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዓባይ ብሪጣንያ፡

ብዕለት 2 ሓምለ 2010 ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ብብጻይ ያሲን ዑስማን ኣቦ-መንበር ጨንፈር ግሃድኤ ሎንዶን ተሰንዩ ምስ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዓባይ ብሪጣንያ ርክብ ኣካይዱ። ምስኣቶም ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ርእይቶታት ተለዋዊጦ። ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ምስ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ሱዳን፣ ምስሪ፣ የመን፣ ሊብያ፣ ማልታን እስራኤልን፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ኩነታት ኣመልኪቱ ተዘራሪቡ። መንግስቲ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ብመሰረት ጉዳይ

ስደተኛታት ዘፍቅዱ ኣህጉራዊ ሕግታትን ቻርተራትን፡ ናይ'ዞም ስደተኛታት ስቅያት ንምቅላል ሰብኣዊ ግዴታ ከም ዘለዋ ኣዘኻኺሩ። ሰብኣዊ ግዴታኣ ንምፍጻም ድማ ኣትሪሩ ተማሕጺኑ።

## ርክብ ምስ ወከልቲ ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ሎንዶን፡

ምሸት 2 ሓምለ 2010 ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ብብጻዩ ጸጋዝኣብ ዮውሃንስ ተሰንዩ፡ ምስ ወከልቲ ጨንፈር ኤዲኪ ርክብ ጌሩ። ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን፡ ኣድላይነት ሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ ንምዕዛዝ፡ ነቲ ግዜ ተነጺሩ ተወጢኑ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ሲቪካዊ ማሕበራት ብምትሕብባር ዝካየድ ዘሎ ምቅርራባት ብዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

## ዑደት ናብ ከተም በርሚንግሃም፡

ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ብብጾት ጸጋዝኣብ ዮውሃንስን ያሲን ዑስማንን ተሰንዩ፡ ብዕለት 3 ሓምለ 2010 ዑደቱ ናብ ከተማ በርሚንግሃም ቀጺሉ። ኣብኡ ናይ ኣባላት ኣኼባ ብምግባር፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ ውድባዊ ኩነታት ድማ ብፍላይ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ'ውን ውድብና ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝጻወቶ ዘሎ ግደ ብዝምልከት መብርሂ ሂቡ። መሰረታት ጨንፈር በርሚንግሃም ውድባዊ ሓድነት ንምዕዛዝን ትካላዊ ኣሰራርሓ ንምድንፋዕን ዘካይድዎ ዘለዉ ሓያል ቃልስታት ኣሞጒሱ።

ብዕለት 4 ሓምለ 2010 ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ኣብ በርሚንግሃም ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዱ። ብርክት ዝበሉ ግዱሳት ኤርትራውያን ድማ ተሳቲፎምዎ። ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ናይ ውድብና ኣገባብ ኣገጣጥማኡን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዘካይዶ ዘሎ ጽዑቕ ጻዕርታትን ንጥፈታትን ብዝምልከት ሰፊሕ ተንታን ኣቕሪቡ። ብ/ዶር. ብርሃኑ ዩሱፍ ኣብ ሃገራት ጀርመን፡ ሆላንድ፡ ብሩስለስ፡ ስዊስን፡ ብሪጣንያን፡ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ውድባትን፡ ንዘካየዶም ዲፕሎማስያዊ ምንቅስቓሳቱ ብምምርኳስ፡ ኣህጉራዊ ኩነታት ንረብሓ ዲሞክራሲ ምስፋን ኣብ ኤርትራ ይዛዙ ምህላዉ ገሊጹ። ኣብ በርሚንግሃም ዝርከቡ ኤርትራውያን ገድላዊ ኣበርክቶኦም ክብ ንክብሉ ከኣ ጸዊዑ። ኣብ መወዳእታ ካብ ህዝቢ ንዝቐረብሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ብምሃብ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

## ርክብ ምስ ኤርትራውያን ሃገራዊ ባእታታትን ምሁራትን፡

ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ምስ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ሃገራዊ ባእታታትን ምሁራትን፡ መራሕትን ወከልትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ርክባት ኣካይዱ። ሃገራዊ ዋዕላ ንምክያድ ሓያል ጻዕሪ ከም ዝወሰደ ገሊጹ። ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ቅድሚ ቀዳማይ ጉባኤኡ ይኹን ብድሕሪኡ፡ ኣብዚ ተሃዋሲ ታሪኻዊ መድረኽ'ዚ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምግጣም ዝነበሮን ዘሎዎን ግደታት ብዝምልከት ኣገዳሲ መብርህታት ሂቡ። ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍን፡ ደሞክራስን ሰላምን ማዕርነትን ፍትሕን ልምዓትን ዝሰፈና ሃገር ንምህናጽ፡ ብዝሓ ሰልፋዊ ዝሰረቱ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን፡ ፖለቲካውን ውድባውን ኣፈላላይ ብዘየገስ ኣብ ሞንጎ ተቓለስቲ ሃገራዊ ሓይልታት ባህሊ ዘተ ምህናጽ ታሪኻዊ ኣድላይነት ምዃኑ ዘረጋግጽ ሃናጺ ሓሳባት ተለዋዊጦም። ከምኡ'ውን ዶር. ዩሱፍ ናይ ዝተኣከቡ ሓይልታት ኣብ ሃገራዊ ዕዮ ዘሎዎም ዝተፈላለየ ተሞኩሮታት ሰሚዑ። እዚ ርክብ'ዚ ኣብ ኩሉ መዳያት ሃገራዊ ዕዮ፡ ዝለዓለ ግልጽነትን ሓልዮትን ኔርዎ።

## ፖለቲካዊ ወግዒ (ደርደሻ) ምስ መንእሰያት ኣብ ሎንዶን፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ሎንዶን ኣብ ዝሰርዖ ዕላል ምስ መንእሰያት፡ ብ/ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ንመንእሰያት ዝተፈላለዩ ጠቓምን ሃናጽን ተሞኩሮታት ኣቕሲምዎም። መንእሰያት ኣብ እዋን መሰል ርእሰ-ወሳኔ ተራ መንእሰያት ከመይ ከም ዝነበረን፡ ኣብ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ተራ መንእሰያት ከመይ ከም ዝነበረን ኣገዳሲ ሓበሬታታት ጠቒሱ። ሕጂ'ውን ካብ መንእሰያት ዝጥለብ ዘይትካእን ዘይቅየርን ሃገራዊ ግቡኣት ኣብሪሁ። መንእሰያት ቀዳሞት ግዳያት ስርዓት ህግደፍ ከም ምዃኖም መጠን፡ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብናህርን ብተወፋይነትን እንተተሰሊፎም ዓወት ህዝብና ክቀላጠፍ ከም ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ መንእሰያት ብዝዓግብሉ ሓራ ድልየቶም ኣብ ቃልሲ ብዋሕዚ ክሳተፉ ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ። ከምኡ'ውን መንእሰያት ዘቕረብዎ ርእይቶታትን ትዕዝብትታትን ብትኹረት ሰሚዑ።

## ርክብ ምስ ዝተፈላለዩ ሚድያታት፡

ብ/ዶክቶር ዩሱፍ ብርሃኑ ኣብ ሎንዶን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሬድዮን ቴለቭዥንን መሳለጥያታት ሚድያ ተራኺቡ። ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ ኤርትራ ዝሕልፎ ዘሎ መሪር ኩነታትን፡ ብፍላይ ድማ ካብ ጭቆና ስርዓት ህግደፍ ነብሶም ንምድሓን ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ስደት ኣቓሊዑ። ከምኡ'ውን ኤርትራዊ

ዲሞካስያዊ ኪዳንን ሲቭል ማሕበራትን ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዘካይድዎ ዘለዉ ሓባራዊ ጻዕርታት ኣድምቕ ኣቢሉ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብ/ዶክቶር ዩሱፍ ብርሃኑ፡ ናብ ካልእ መደባቱ ንምቕጻል ቅድሚ ምጋሹ፡ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ዘካየዶም ዲፕሎማስያውን ህዝባውን ዕዮታቱ ንምግጋም፡ ምስ መሪሕነት ጨንፈር ሎንዶን ግሃድኤ ናይ ገምጋም ኣኼባ ኣካይዱ። እቲ ዝተኻየደ ገምጋም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣዕጋቢ ምንባሩን ክዕቀብ ከም ዘሎዎን ከኣ ገምጊሞም።

## ግሃድኤ፡ ዞባ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን
## 4ይ ጉባኤኡ ኣካይዱ ብልዑል ድምቀት ዛዚሙ፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ዞባ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን ኣብ ትሕቲ “ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ” ዝብል መሪሕ ጭርሖ ማዕሪት 4ይ ጉባኤኡ ካብ 2-3 ሓምለ 2010 ኣካይዱ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ ብልዑል ድምቀት ከምዝተዛዘመ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

እቲ ጸብጻብ ብዝርዝር ከምዝሓበሮ፡ ኣብቲ ዞባዊ ጉባኤ ዝተሳተፉ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን፡ ብዛዕባ ደንበ ተቓውሞን፡ ብዛዕባ ውድብ ግሃድኤን ኣመልኪቶም ሰፊሕ ተንታን ከምዝቕረቡ ተሓቢሩ።

ከምኡውን ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ኣረሜናዊ ጨካን ስርዓት ህግደፍ ዘሕልፎ ዘሎ ሃገር ከደን፡ ገደብ ኣልቦ መሪር ሂወት ብምስትብሃል ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ መላእ ህዝብና ካብዚ ኣትይዎ ዘሎ ደልሃመት ንምንጋፍ ዓቕሙ ብዘፍቅዶ ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቁጠባውን መዳያት ቃልሱ የበርኽ ከምዘሎ መዚኖም።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኣስዒቦም፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘመዝግቦ ዘሎ ዓወታት ብቀሊሉ ዝረአ ከምዘይኮነ ግልጺ ገይሮም። ከም ኣብነት ብምውሳድ ኪዳን ኣብ ምዕዋት ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝገብሮ ዘሎ ልዑል ጻዕርታት ኣሞጒሶም። ውድብና ግሃድኤ’ውን ነዚ ተወጢኑ ዘሎ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ካብ መጀመርትኡ ኣትሒዙ ዘይሕለል ኣበርክቶ ክገብር ከምዝጸንሖን ከምዘሎን ሓቢሮም። ተሳታፍነት ህዝቢ ክዓዝዝ’ውን ጸዊዖም። ብተወሳኺ ለውጢ ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ብምድጋፍ ወተሃደራዊ ክንፊ ዘለወን ውድባት ሓቢርካን ተዋሃሂድካን ንምቅላስ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ንኢዶም።

ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ብዛዕባ ግሃድኤ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ፡ ግሃድኤ ካብቲ ኣትይዎ ዝነበረ መዋጥር ሳላ ጽንዓት ሰራዊትን ሓያል መሰረታትን መሪሕነትን ሰጊሩ ቀጻልነቱ ከምዘረጋገጸ፡ ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ ንህዝቢ ዘበሳብሱ ኣባላት መርበብ ስለያ ስርዓት ህግደፍ፡ ብጀጋኑ ተባዓት ኣሃዱታት ግሃድኤ ክፍጸም ዝጸንሐን ዘሎን ወተሃደራዊ ስርሒት ህያው ምስክር ምኻኑ ግልጺ ገይሮም። በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ተባዕ ሰራዊት ግሃድኤ ብሽም ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ መሰረታት ግሃድኤ ምስጋና ከምዝቕረቡን ኣጆኻ ሓየት ኣብ ጎንኻ ኣለና ዝብል መልእኽቲ ከምዘሕለፉን እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣረጋጊጹ።

ብድሕሪ ሰፊሕ መብርህን መግለጽን ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ፡ ብዛዕባ 4ይ ዞባዊ ጉባኤ ዝምልከት ብመራሕቲ ዞባ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን በቢ ዝምልከቶም ኣካላት ዕዮታት ጸብጻብ ምስ ቀረበ ቀጺሉ መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን ክፉት ከምዝኾነ ተሓቢሩ። ንዝቐረበ ሕቶን ርእይቶን ዘዕግብ መልሲ ምስ ተዋህበ ነቶም ኣቕረብቲ ንዘርኣይዎ ጽፈትን ተወፋይነትን ካብ ተሳተፍቲ ጉባኤ ዓቢ ምስጋና ከምዝቐረበሎም፡ ብምቕጻል ነቲ ጉባኤ ትመርሕ ብጉባኤኛ 3 ዝኣባላታ ሰክረታርያ ከምዝተመርጸትን፡ ጉባኤ ብሰክረታርያ ተመሪሑ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ 5 መራሕቲ ዞባን 1 ተጠባባቕን ንመጻኢ ክልተ ዓመት ዝመርሑ ተመሪጾም ክብል እቲ ጸብጻብ ገሊጹ።

### ኣብ መዛዘሚ፡ 4ይ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ዞባ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን
### እዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ብዝርዝር ኣቕሚጡ፡-

1. ጉባኤ፡ ውድብና ግሃድኤ በቲ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ሓጎጽጎጽ ብጻዕርን ጽንዓትን ኣባላቱ ህልውንኡ ኣረጋጊጹ ሓያል ውድብ ክኸውን ዝገበሩ ኣብ ኩሉ ዓለም ንዝርከቡ ኣባላት ግሃድኤ ኣሞጒሱ፡
2. ጉባኤ፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ጨካን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝወርዶ ዘሎ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ፡ ንዝተቓወመ ኣብ ቤት ማእሰርትን ጎዳጉድን ዳጕኑ ብዘይ ፍርዲ ዘሕቅቖም ዘሎ፡ ናብራ ሓሲምዎም ናብ ስግረ-ዶብ (ስደት) ዝፈተኑ ብዘይምሕረት ብጥይት ይርሽን ከምዘሎ ንኹሉ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ እታ ብክቡር መስዋእቲ ደቃ ልዕላውነታ ዘረጋገጸት ሃገርና ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲ ስርዓት ህግደፍ፡ ቀጻልነታ

ኣሰካፊ ኮይኑ ስለ ዘሎ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኣብ ርእሲ ስርዓት ህግደፍ ተወሲኑ ዘሎ እገዳ (ማዕቀብ) ከተግብሮ ጸዊዑ።

3. ሰራዊት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ምሓውር ትካላት ስለያ ስርዓት ህግደፍ ክገብሮ ዝጸንሖን ዘሎን ዓወታት እና ሞጎስና ንሕና ኣባላት ውድብ ግሃድኤ ኣብ ጎኑ ደው ኢልና ካባና ዝጥለብ ዘበለ ከነማልእ ምኻንና ነረጋግጽ።
4. ጉባኤ፡ ንተቓውሞ ሓይታት ኩሉ ፍልልያተን ወጊደን ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሆ ብሓደ ተሰማሚዐን ህዝብን ሃገርን ከድሕና ጸዊዑ።
5. ንመስርሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝምልከት ክንድቲ ብዙሕ ጻዕሪ ዝተኻየዶ ዕዉት ኮይኑ ክወጽእ ካባና ዝጥለብ ዘበለ ከነማልእ ምኻንና ነረጋግጽ።
6. ጉባኤ፡ ነቲ ብስርዓት ምልኪ ህግደፍ ጅሆ ተታሒዙ ዘሎ ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ብዝብል ምስምስ ኣብ ክንዲ ንምልኪ ስልጣን ምክልኻል፡ ንሃገርን ህዝብን ተኸላኺሊ ኮይኑ ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪሑ ኣብ ጎኒ ህዝቡ ደው ክብል ጸዊዑ።
7. ነቶም ኣብዚ መስርሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝካየድ ዘሎ ኣይንሳተፍን ዝብሉ ሸንኽ ከም ተቓለስቲ እና ኣኽበርና ንመርገጾም ዳግም ርእይቶ ገይሮም ናብ መስርሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክሳተፉ ጉባኤ ኣማሕጺኑ።
8. ንጎረባብቲ ሃገራት፡ ብፍላይ ከኣ ኢትዮጵያ ነቲ ብስርዓት ህግደፍ ዝወርዶ ሕሰመ-መከራ ምጽዋር ስኢኑ ናብ ስደት ብቀጻሊ ዝውሕዝ ዘሎ ህዝብና ዕቑባ ምፍቃዳ ጉባኤ ሞጒሱ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ
ግሃድኤ ዞባ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካን ካናዳን፡

## ዳግመ ስርርዕ ጨንፈር ግሃድኤ
## ኮሎምቦስ፡ ሲንሲናቲን እንድያና ፖሊስን፡

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ኮሎምቦስ፡ ሲንሲናቲን እንድያናፖሊስን 10 ሓምለ 2010 ብዝተወደበ ዳግመ ስርርዕ ንምክያድ ሰፊሕ ኣኼባ ከምዘካየደን፡ ኣብቲ ውዕሎ ኣኼባ፡ ኣባላት ጨንፈር ብዛዕባ ውሽጣዊ ምምሕዳር ጨንፈርን ውድባውን ሃገራውን ዛዕባታት ኣልዒሎም ብዕምቆት ዘትዮም ክብል ካብቲ ቦታ ዝተላእከልና ጸብጻብ ሓቢሩ።
ኣብቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ብጻይ ተኽለ ኣማን ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ፡ ብዛዕባ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዲፕሎማስን ቁጠባን መላእ ኣባል ሓያል ውድብ ንምህናጽ ዝሰላሰሉ ዘለዉ ንጥፈታት ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ከምዝሃበ ተሓቢሩ።
ብጻይ ተኽለ ኣማን ብዛዕባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣመልኪቱ፡ ኪዳን ኣብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ንምብጻሕ ውድብና ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተጻወቶ ኣወንታዊ ግደታት፡ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብቲ ተወጢንሉ ዘሎ ግዜ ተኻይዱ ዕዉት ኮይኑ ንክወጽእ ውድብና ዘካየዶን ዘካይዶ ዘሎን ጻዕርታት ብዝርዝር ከምዘብርሀ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ገሊጹ።
ብድሕሪ'ዚ ኣባላት ጨንፈር ውሽጣዊ ንጥፈታቶም ብዕምቆት ገምጊሞም፡ ንመጻኢ ክትግበሩ ዘለዎም መደባት ሰሪዮም፡ ካብ ውሽጦም ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣካያዲት ሽማግለ ብምምራጽ ኣኼባኦም ከም ዝዛዘሙ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።

## ዜናዊ ጸብጻብ
### መበል 25 ዓመት ፌስቲቫል ካስል 2010.

እቲ ወትሩ ዓመት ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሓምለን ኣብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰን ዝሰላሰል ፌስቲቫል ካስል ሎሚ ዘመን ኣብ መበል 25 ዓመቱ ብዘደንቕ ታሪኻዊ ኣገባብ ተፈጺሙ። ናይ ሎሚ ዘመን ፌስቲቫል ካስል ዝያዳ ፍሉይነቱ ምስ እቲ ታሪኻዊ ሰነድ ማንፌስቶ ፌስቲቫል ካስል ዝወለዶ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሓደ ሰሙን ምስልሳሉ ኢዩ።

ኣብ ርእሲ እዚ ናይ ሎሚ ዘመን መበል 25 ኢዮቤልዩ ዓመት ፌስቲቫል ካስል ካልኣይ ፍሉይነቱ ድማ ናይ ቀደም ተጋደልቲ ናይ ሎሚ ኣዴታት ዝኾና ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ሓላፍነት ናይ እቲ ፌስቲቫል ብምውሳድ ብኩሉ መዳያዊ ጻዕርታት ብምክያድ ብዘደንቕ ኣገባብን ምስትእንጋድን ብምድምዳሙ ኢዩ።
ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ መሳሃለ ቦታ ታሪኻዊት ባንዴራ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣለመ ባህላዊ ክዳን ተኸዲነን ከም ኣዴታትን ሕምባሻን መሶብን ኣጻሕልን ሒዘን ንተሳተፍቲ ፌስቲቫል ካስል ፍሱህ ገጽ እናርእያ ኩዳ ምስ ጀመራ እቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ መሳሃለ ብድምጺ ዕልልታን ጠቓዒትን ተናዊጹ ኢዩ።

ተሳታፊ ፌስቲቫል ካስል ድማ ስለቲ ብዝኾነ ተኣምር ዘይዕጸፍ ሓርበኛዊ ኒሐንን ክብረንን ካብ መቐመጢኡ ተሲኡ ሓጎሱ ብጠቓዒትን ብዕልልታን ገሊጹለን ኢዩ።

በዚ ኣገባብ እዚ ኢዩ ድማ ፌስቲቫል ካስል ምዕማር ዝጀመረ። ድሕሪ'ዚ ተሳታፊ ፌስቲቫል ካስል ነታ ሰውራዊት መዝሙር ኤርትራ ናይ ጽባሕ ብሓባር ዘሚሩ ቅደም ተኸተል ኣብቶም ዝተዳለዉ መደብ ፌስቲቫል ኢዩ ኣትዩ። ብመጀመርያ ድማ ነቲ ክብሪ ፌስቲቫል ካስል ዝገልጽ መበል 25 ዓመት ኢዮበልዩ ፌስቲቫል ካስል ዝብል ዝተጻህፎን መልክዕ እታ ታሪኻዊት ባንዴራ ዝሓዘን ቶርታ በቶም ቅድሚ 25 ዓመት ፌስቲቫል ካስል ዝመስረቱ ገለ ኣባላትን ናብ ፌስቲቫል ካስል ዓመት-ዓመት ዝመጽኡ ኣጋይሽን ተቖሪሱ። እታ 25 ዓመት ዝተጻሕፉ ባህላዊት ሕብስቲ ድማ ብክቡር ፕሮፌሰር ዶክቶር ተስፋጽየን መድሃኔ ተቖሪሳ። ህዝቢ ድማ ብዕልልታን ጠቓዒትን ኣሰኒይዎ።

ድሕሪ እዚ ካብቲ ዝተቖርሰ ቶርታን ሕብስትን በተን ባህላዊ ክዳን ዘንጸባረቓ ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ንነብሲ ወከፍ ተሳታፊ ፌስቲቫል ተዓዲሉ። ድሕሪ እዚ ኢዩ እምበኣር ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ካስል 2010ን፡ ቃል ውድብን መልእኽትታትን፡ ቃል ኣጋይሽ ፌስቲቫልን ምስማዕ ዝተጀመረ። ካብቲ ዝቐረበ ቃል ዕዱማት ኣጋይሽ ብወኪል ኤምባሲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ጀርመን ዝቐረበ ሕውነታዊ ቃል ልቢ ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ካስል ዝመሰጠ ነይሩ።

ፌስቲቫል ካስል 2010 ብዙሓት ነባራት ሓርበኛታትን፡ መንእሰያትን፡ ደቂ ኣንስትዮን፡ ነባራት ስነ-ጥበባውያንን ዝተረኽብሉ ዓይነታዊ ፌስቲቫል ኢዩ ዝነበረ። ኣብዚ ፌስቲቫል እዚ እቲ ተዘክሮኡ ካብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ተፈልዩ ዘይፈልጥ ዓቢ ኤርትራዊ ኣርቲስት ተወልደ ረዳ ሎሚ እውን ከም ኩሉ ዓመት ኣብ ፌስቲቫል ካስል ተረኺቡ ነቲ ሰሚዕካዮ ዘይጽገብ ዕላሉን ኣባታዊ ምኽሩን ክልግስ ቀኒዩ ኢዩ። ብብጻይ ገዛኢ ኪዳነ ዝተሰነየ መድረኽ: ብዕለት 29 ሓምለ ዝጀመረ ኢዮበልዩ ፌቲቫል ካስል 2010 መደባቱ ብስሩዕ ኣገባብ ከሰላስል ድሕሪ ምቕናዩ፡ ቀዳም ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ካስል ብብጻይ ስዒድ ኣደም ኣባል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል፡ ቃል ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብብጻይ ዑቑባዝጊ ድቡስ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ቃል ዕዱማት ኣጋይሽን መልእኽትታትን፡ ብብጻይ ሃይለ ወልደሚካኤል ዋና ጸሓፊ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል 2010: ግጥምታት ብብጸይቲ ፍረወይኒ ባይረን፡ ብጸይቲ ኣበባ ዮውሃንስን፡ ብጸይቲ ኣልማዝ ጳውሎስን ድሕሪ ምስማዕ እዋን ድራር ኮይኑ፡ ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ካስል በተን ወሓላሉ ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ዝተዳለወ ጥዑም መግብታት ተመጊቡ፡ ኣብቲ ብሳሚን ሰሎሙንን ዝተባህሉ ወናማት ኤርትራውያን መንእሰያትን ብውሩይ ወናም ኣርቲስት ፋኣድ ዑስማንን ዝተዳለወ ባህላዊ ጸወታን ማዕሪጉ መበል 25 ዓመት ፌስቲቫል ካስል 2010 ብድምቀት ተዛዚሙ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ኣሳናዳኢት ሽማግለ መበል 25 ዓመት ኢዮበልዩ
ፌስቲቫል ካስል 2010

## ህድማ መራሕቲ ታንክታትን ወተሃደራዊ
## መካኒካትን ስርዓት ህግደፍ ይስዕርር ኣሎ፡

ኣብ ዝተፈላለዩ ሓይልታት መካናይዝድ ተመዲቦም ክሰርሑ ካብ ዝጸንሑ መራሕቲ ታንክታትን ናይ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ ኣጽዋራት መካኒካትን፡ ንስርዓት ህግደፍ ራሕሪሖም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ይሃድሙ ምህላዎም፡ ኣብ ውሽጢ ዝርከቡ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓቢሮም።
እዚ ተርእዮ ህድማ'ዚ ኣቐዲሙ ብውሑድ ቁጽሪ ይረአ ከም ዝነበረን፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ መነባብሮ ዝሓሰመን ኣዴታት ብፍንው መልክዕ፡ ህጻውንቲ ሓዚለን ናብ በዓል-ቃል ኪዳነን ዝርከበሉ ወተሃደራዊ ግንባራት ብብዝሒ ምውሓዝ ምስ ጀመራ፡ ነዚ ዝተዓዘቡ ኣባላት መካናይዝድ ህድማ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ብጻዕቂ ክኸሰት ከምዝጀመረ እቲ ምንጪ ወሲኹ ገሊጹ። እዚ ናይ ታንከኛታትን መካኒካትን ህድማ፡ ኣብ ሓይልታት መካናይዝድ ሃጓፍ ስለ ዝፈጠረ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ወርሒ ሰነ 2010 ጥራይ ልዕሊ 300 መራሕቲ መካይን ዝነበሩ ብግዲ ገፊፉ ናብ ስልጠና ከቢድ ብረት ከም ዘኸተቶም ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም ሓቢሮም።